**ኤርትራውያን ኣብ ኢጣልያ ንቡሩራዊ እዮቤልዩ**
**<u>ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ብኽብ ዝበለ ሓበን ዘኪሮም</u>**

ኤርትራውያን ኣብ ዝተፋላለያ ከተማታት ኢጣልያ ነዛ ኣብ ታሪኽ ዓለም መዘና ዘይብላ መስተንክራዊት ስርሒት ፈንቅል ንምብዓል: **<u>ፈንቅል፡ ጩራ ምሉእ ብርሃን</u>** ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ኣብ ዝተሳተፍሉ ትማል ዕለት 14/02/2015 ኣብ ቦሎኛ ሰሉስ ብዕለት 10/02/2015 ድማ ኣብ ሮማ ብኽብ ዝበለ ሓበን ናይ መኸተ ወንን ብርቱዕ ሃገራዊ ስምዒትን ዘኪሮም።

ተሳተፍቲ ዜጋታት ኣብ ስርሒት ፈንቅል ንዝተፈጸመ ኤርትራዊ ጅግንነትን ንዝተሓልፈ ኩሉ መሪር ቃልስን ንዝተኸፍለ ከቢድ መስዋእትን ብሓበን ብምዝካር ታሪኻዊ ሓላፍነቶም ተሰኪሞም መኪትኦም የሕይሎም አንጻር ኩሉ ተጻብኦታት ኣብ ጎኒ መንግስቶምን ህዝቦምን ኮይኖም ካብኦም ዝሕተት ዝበለ ኩሉ ከማልኡ ምዃኖም ድልውነቶም ንዝበረኸ መኸተ ኣብዚ ዝኽሪዚ ዳግም ኣረጋጊጾም።

ዓወት ንሓፋሽ !!

ኮሚቴ ሚድያን ዲፕሎማስን
ማሕበረ ኮም ኢጣልያ